
# ውዕል ትምህርቲ ልምዲ

ተዓዊትኩም - እቲ ትካል ንዓኹም ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ከምዝረኸብኩም ብቃል ንጊሩኩም። ዝቅጽል ስጉምቲ እቶም ሓለፍቲ ትካል ነቲ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ መሊኦም ክሰዱልኩም እዮም። ነቲ እቶም ሓለፍቲ ዝፈረሙሉ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ እስኹም እውን ክትፍርሙሉ ኣለኩም። ድሕሪኡ እቲ ውዕል ክጸንዕ እዩ።

ኣብቲ ውዕል ብዙሕ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ኣለዎ፣ ናይ እቲ ትካል ትምህርቲ ልምዲ ኣድራሻ፣ ናትኩም መንነት፣ ናይቲ ሙያ መጸውዒ፣ ኣቲ ትምህርቲ ልምዲ ዝወስዶ እዋን፣ እዋን ጊዜ ተልመዴንነት ወይ ድማ እቲ እስኹም ትሳተፍዎ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ።




ኣብኡ ግን እስኹም ኣነጺርኩም ክትርእይዎ ዘለኩም ሓደ ሓደ ዝርዝራት ኣሎ፡

## ናይ ስራሕ ፍቓድ

ፍሉያት ንዝኾና ናይ መንበሪ ፍቓድ（ንምሳለ F, L, N）ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ንምምሃር እውን ናይ ስራሕ ፍቓድ የድልየን እዩ። እዚ ፍቓድ ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ቅድሚ ምጅማር ክቐርብ ኣለዎ።

## ሕጋዊ ወኪል

ዕድሜኹም ድሮ 18 ዓመት ዝመልኤ ኣንተኾይኑ በዚ ምኽንያት ድማ ሙሉእ ዕድመ እንተኳንኩም፣ ሕጋዊ ወኪል ኣየድልየኩምን እዩ። ከም መጠን ዓቢ ሰብ ነቲ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ ባዕልኹም ትፍርሙ ከምኡውን ነቲ ሓላፍነት ትቅበሉ።


3. Représentant légal (père et/ou mère ou autorité tutélaire)
Nom
Prénom
Rue
Sexe: m f
NPA, lieu
No tél.
Nom
Prénom
Rue
Sexe: m f
NPA, lieu
No tél.

## ዝኽፈል ገንዘብ


እቲ እስኹም ኣብተን ነፍሲ ወከፍ ዓመታ ትኣብ ወርሒ ዝኽፈል ትረኽብዎ ገንዘብ፣ ኣብ ውሽጢ ትካል ወይ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ብዙሕ እንተ ሰሪሕኩም፣ ተወሳኺ ኣበል ዝኽፈል እንተኾነ፣ እቲ ትካል ንዓኹም ናይ መበል 13 ወርሒ መሃያ ዝህበኩም እንተኾነ፣ ኣብዚ ሊስታ ተዘርዚሩ ሰፊሩ ኣሎ።


7. Indemnisation
Salaire brut
1re année formation Fr. mois semaine heure
2e année formation Fr. mois semaine heure
3e année formation Fr. mois semaine heure
4e année formation Fr. mois semaine heure
Indemnités diverses
13e salaire: oui non (déductions du salaire brut, cotisations aux assurances sociales exceptées, voir chiffres 11 et 12)

ኦድሜኹም ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ እንተኾይኑ፣ ካብቲ ኣብዚ ተዘርዚሩ ዘሎ እቶት መሃያ ነዘን ዝቕጽላ ክኽፈል እዩ AVS (ናይ ጥሮታን ውርሻን ኢንሹራንስ)፣ AI (ጥሮታ ስንክልና) ከምኡውን AC (ኢንሹራንስ ስራሕ ኣልቦነት)።


## ሰዓት ስራሕ

እቲ ዝለዓለ ማእከላይ ግቡእ እዋን ስራሕ ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ሰሙን 42-45 ሰዓታት እዩ። ኣብ ሓደ ሓደ መዳያት እዚ እዋን ስራሕ ካብኡ ፍልይ ክብል ይኽእል እዩ። እቲ ኣብ ናትኩም ዘሎ እዋን ስራሕ ከመይ ከም ዝኾነ፣ ኣብቲ ዝቕጽል ጊዜ እስኹም ትማሀሩሉ ትካል ንዘለዉ ሓለፍቲ ሕተቱ።


8. Horaire de travail
Y compris la formation scolaire le temps de travail se monte à
Heures par semaine: Jours de travail par semaine:
Un jour ou un demi-jour d'école équivaut à un jour ou un demi-jour de travail.
Durée maximum de la journée de travail, travail de nuit et du dimanche, éventuel travail supplémentaire:
les dispositions légales doivent être respectées, en particulier la loi sur le travail et les ordonnances s'y rapportant.
Dispositions particulières


## ንሙያ ኣድላይ ዝኾነ ነገር ምሽማት

ንብዙሓት ሙያታት ናይ ስራሕ ክዳውንቲን ውልቃዊ ዝኾነ መሳርሒ ኣቕሑትን የድሊ እዩ። ኣብቲ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ ነዚ ነገራት መን ከም ዝገዝኦን ዝከናኸኖን ሰፊሩ ኣሎ።


10. Acquisitions nécessaires à l'exercice de la profession
La personne en formation a besoin des outils professionnels et vêtements de travail suivants:
Les frais d'acquisition sont pris en charge par: entreprise formatrice / personne en formation/représentant légal
Le nettoyage des vêtements professionnels incombe à: entreprise formatrice / personne en formation/représentant légal

## ኢንሹራንስ

መንእሰያት ብስድርኦም ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ኣለዎም፣ መብዛሕትኡ እዋን ሓደ ናይ እቲ ጥዕና ኢንሹራንስ ክፍሊ እዩ። ኣብቲ እዋን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ከምብሓድሽ በቲ ትካል ወገን ኣብ እዋን ስራሕ ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ኣለኩም። እቲ ትካል ትምህርቲ ልምዲ ንእዋን ዕረፍቲ ዝኸውን ኢንሹራንስ ሓደጋ ይኣትወልኩም እዩ። እዚ ኢንሹራንስ ናይ ግድን ክህሉ ዘለዎ እዩ መብዛሕትኡ እዋናት እውን ካብ እቲ ትረኽብዎ መሃያ ይቑረጽ እዩ። ነቲ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስኹም ከም መጠን ሰራሕተኛ ሓዲሽ ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ከም ዘለኩም ሓብሩ።


11. Assurances
Assurance accidents
La personne en formation est obligatoirement assurée contre les accidents (LAA).
Les primes de l'assurance accidents professionnels sont prises en charge par l'entreprise formatrice.
Les primes de l'assurance accidents non professionnels sont prises en charge à raison de … % par l'entreprise formatrice … % par la personne en formation/par le représentant légal
Assurance perte de gain en cas de maladie convenue oui non Si oui: Les primes sont prises en charge à raison de … % par l'entreprise formatrice … % par la personne en formation/par le représentant légal
(L'entreprise doit prendre en charge au moins 50 % des primes.)

## ምርካብ ፍቓድ

እዚ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ በቲ ናይ ካንቶንኩም ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ፍቓድ ይረክብ እዩ። እቲ ኣብኡ ዝፍርም ውልቀሰብ ንሙያኹም ከምኡውን ነቲ ቦታ ትምህርቲ ልምድኹም ሓላፊ እዩ። ኣብቲ እዋን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያኹም ምስ እቲ ትምህርቲ ልምዲ ትገብሩሉ ትካል ወይ ድማ ምስ እቲ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ክትፈትሕዎ ዘይትኽእሉ ሽግር እንተጋጠመ፣ ምስ እዚ ዝፍርም ውልቀሰብ ተራኸቡ።


15. Approbation

L'autorité cantonale approuve le présent contrat d'apprentissage.

Lieu, date, timbre